ቢሮ ፋይናንስን ምትሕብባር ሃፍትን ካብ CALM በጀት ናይ ኤሌክትሮኒክስ ኣቑሑት ንምግዛእ ብብርኪ ክልል ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ክዕድግ ይደሊ።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሶኒ መጋቢት 14, 2018 (ቅድሚ 8 ወርሒ)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: መጋቢት 29, 2018 10:30 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:110000
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:200
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: መጋቢት 29, 2018 10:35 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ኤሌክትሮኒክስ መሳርሕታትን መለዋወጢን/

ቁፅሪ ፋ/ም/ሃ/18/ግ-ጨ/01

ዕለት10/07/2018 ዓ/ም

ን3 ጊዜ ዝወፀ ምልክታ ግልፂ ጨረታ ቑፅሪ 07/2018

ቢሮ ፋይናንስን ምትሕብባር ሃፍትን ካብ CALM በጀት ናይ ኤሌክትሮኒክስ ኣቑሑት ንምግዛእ ብብርኪ ክልል ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ክዕድግ ይደሊ። ስለዚ

1. በቲ ዘርፊ ናይ ዘመኑ 2018 ዓ/ም ዝተሓደሰ ሕጋዊ ንግዲ ፍቓድ ኮፒ ከቅርብ ዝኽእል፣ ናይ ግብሪ ከፉላይ መለለይ ቑፅሪ TIN ሰርተፊኬት ኮፒ ከቅርብ ዝኽእል፣

2. ንተወሳኪ እሴት ታክሲ / VAT ዝተመዝገበ፣ VAT ምዝገባ ሰርቲፊኬትን ናይ ጥሪ/2018 ዓ.ም VAT ድክላሬሽን ኮፒ ከቅርብ ዝኽእል፣

3. በቲ ዘርፊ ናይ መቕረባይነት ዝተመዝገበ ምኻኑን ናይ ዘመኑ 2018 ዓ/ም ዝተሓደሰ ምስክር ወረቐት ኮፒ ከቅርብ ዝኽእል፣

4. ልዕሊ 60% ዝኾኑ ናይ በዝሒ ሰራሕተኛታት ቆፂሮም እተስርሕዎም ኣካል ወይ ኣእምሮ ጉዳኣት ዘለዎም በቲ ዘርፊ ፍቃድ ካብ ትርከብዎ በዓል መዚ ልምዓት እቶት ናይ 2018 ዓ/ም ድጋፍ ደብዳቤ ኮፒ ከቅርብ ዝኽእል፣

5. ናይ ዘመኑ 2017 ዓ/ም ግብሪ ዝኸፈልኩም ምኻኑ ካብ በዓል መዚ ልምዓት እቶት መረዳእታ ኮፒ ከቅርብ ዝኽእል፣

6. ሰዓራይ ዝኾኑ ተጫረቲ 3% withholding tax እና Vat በቲ መምርሒ መሰረት ብዕደጋ ፈፃሚ ኣካል ተቆሪፁ ዝተርፍ ምካኑ፣

7. ኣብቲ ጨረታ ሰዓራይ ዝኮነ ተወዳዳራይ ዝሰዓሮ ናይ ኤሌክትሮኒክስ ኣቑሑት ውዕሊ ካብ ዝኣሰረሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 15' ናይ ስራሕ መዓልቲ ብናይ ባዕሉ መጓዓዝያ ናብ ቢሮና ስቶር ክፍሊ በቲ ዝተሓተተ እስፔስፍኬሽን መሰረት ከቅርብ ዝኽእል ፣

8. ተጫራቲ ናይ ጨረታ መወዳደሪ ሰነድ ኦርጅናልን ሓደ ኮፒን ነንበይኑ ብሸምዒ ዝተዓሸገ ኢንቨሎፕ ከቅርብ ዝኽእል፣

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

9. ናይ መወዳደሪ ደኩሜንት ስርዝ ድልዝ ዘይብሉ፣ ናይቲ ትካል ሽምን ኣድራሻን፣ማህተምን ፈርማን ዘለዎ ክኸውን ይግባእ፣

10. ተጫራቲ ንዝተዳለወ ዝርዝር መምርሒ ጨረታን ሰነድ ጨረታ ዘይምለስ ብር 200.00/ ክልተ ሚዒቲ ቅርሺ ጥራሕ/ ብባንኪ ሒሳብ ቑፅሪ 1000539031663 ቢሮ ፋይናንስን ምትሕብባር ሃፍትን ካብ ዳ/ዳፊክቶፊት ዕደጋ ፋይናንስን ንብረት ምም/ርን ቢሮ ቑፅሪ 2-19 /2-01 ካብ 14/07/2018 ዓ/ም ክሳብ 28/07/2018 ዓ/ም ሰዓት 10፡30 ኣብ ዘሎ ግዚያት ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓት ብኣካል ብምቅራብ ሰነድ ጨረታ ገዚኡ ክወዳደር ይክእል፣

11. ተጫረቲ ናይ ጨረታ ውሕስና መኽበሪ ሰነድ ጨረታ ብር 110,000.00/ ሓደ ሚዒትን ኣሰርተን ሸሕ

ብር ጥራሕ/ ብሸም ቢሮ ፋይናንስን ምትሕብባር ሃፍትን /Bureau of finance & Resource Coordination/ ብCPO ወይ ብሰርቲፋይድ ቼክ ናብ ዝተዳለወ ናይ ቢሮና ጨረታ ሳንዱቅ ወይ ድማ ጨረታ ቅድሚ ምክፋቱ ከቅርብ ዝኽእል፣

12. እቲ ጨረታ ዕለት 29/07/2018 ዓ/ም ልክዕ ሰዓት 4፡00 ቅ/ሰዓት ተዓፅዩ በቲ ዕለት ስዓት 4፡30 ቅ/ሰዓት ኣብ ቢሮ ፋይናንስን ምትሕብባር ሃፍትን ዕደጋ ፉይናንስን ንብረት ምምሕዳርን ቢሮ ቑፅሪ 2-19 ተጫረቲ ወይ ሕጋዊ ወከልቶም ኣብ ዘለውሉ ይኽፈት፡

13. ቢሮና ነቲ ጨረታ ዝሓሸ መማረፂ እንተረኺቡ ብሙሉእ ይኹን ብኽፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

14. እቲ ጨረታ ምስተከፈተ ቢሮና ናይቲ ዝግዛእ ንብረት መጠን ክሳብ 20% ክቅንስ/ክውስክ/ ይክእል እዩ።

15. ሰዓራይ እቲ ናይ ኤሌክትሮኒክስ ኣቑሑት ድማ ብበዓል ሙያ ኣይስቲ ተፈቲሹ ትክክለኛነቱ ምሰተረጋገፀ ጥራሕ ኣታዊ ይኸውን።

16. ንዝበለፀ ሓበሬታ ሞባይል ቑፅሪ 0914775963 ደዊልካ ምሕታት ዝካኣል ምኺኑ ንሕብር ፡

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle